# ክታበት-ያንሰን ንዝተወሰኑ ጉጅለታት ከም ተወሳኺ ምርጫ ይወሃብ

ክታበት ያንሰን ካብ መደብ ክትበትና ወጻኢ ክወሃብ መንግስቲ ውሳኔ ኣሕሊፉ ኣሎ። ካብ 15 ሰነ ንኤው ነዚ ክታበት ክህቡ ዝኽእሉ ኣብ እንዳ ግላውያን ሓካይም፡ ክሊኒካት-ክታበትን ዝተወሰኑ ቴወምቲ ሓካይምን ቴጸራ ምሓዝ ይከኣል እዩ።

ክታበት ያንሰን ዝደልዩ ሰባት መጀመርታ ኣብ helsenorge.no ክኣትዉ ንምሕጸኖም፡ እዚ መታን ቅድሚ ንሓኪም ክውከሱዎ ድዮም ኣይክውከሱዎን ምውሳኖም ብዛዕባ እቲ ክታበትን ንመን ከምዝወሃብ ንምፍላጥ ከንብቡ።

– እዚ ክታበት እዚ ኑቶም ንዕኡ ዝምልከት መለከዒታት ዘማልኡ ንዝተወሰኑ ሰባት ከም ተወሳኺ ምርጫ ከነቕርበሎም ቅኑዕ በሃሊ እዩ መንግስቲ። ብመሰረቱ ሰብ ስሩዕ መደብክትበትና ንክኽተሎ ኢና ንምሕጸን፡ ኰይኑ ከብቅዕ ዝተወሰኑ ሰባት ክታበት ያንሰን ክወስዱሉ ዝደልዩሉ ብቑዕ ምኽንያታት ክህልዎም ይኽእል እዩ ይብል ሚኒስትሪ ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሀይየ።

ክታበት ያንሰን ብቤት ጽሕፈት መድሃኒት ኤውሮፓ ተቐባልነት ዝረኸበ ኮይኑ ኣብ መብዛሕትኣን ሃገራት ኤውሮጳ ሓደ ኣካል ናይ ስሩዕ መደብ ክትበት እዩ። እዚ ክታበት ሓንሳብ ትውግኦ ክታበት ኮይኑ ካብ ዝተወግኣሉ እዋን ሰለስተ ሳምንታት ምስ ሓለፈ ከም ምሉእ ክቱብ ኢኻ ትቑጸር።

### ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕና እዚ ክታበት ኣብዞም ዝስዕቡ ኩነታት ክውሰድ ይኽእል እዩ ይብል:

- ናብ ልዑል ለብዒ ዘለዎ ሃገራት ወይ ቦታታት ግድን ዘይተርፉ መገሻታት ኣብ ዝፍጽመሉ እዋን፡ እሞ ከኣ ሓኪም ክታበት-ያንሰን ምውሳድ ካብ ኣስጋእነቱ ጥቕምታቱ ይበዝሕ ዝብል ገምጋም እንተደኣ ጌሩ።
- ክታበት ብዘይ ምውሳዶም ኣብ ከቢድ ኩነታት ሂወት ዝርከቡ ሰባት፡ ብሰንኩ ድማ ክሳብ ካልእ ዓይነት ክታበት ክወስዱ ግዴኦም ዝኣክል ምስ ዝጽበዩ ንህይወቶምን ጥዕንኦምን ሓደጋ ዘንጸላልዎም እንተደኣ ኰይኑ።
- ቀረባ ኣባል ስድራቤትካ ከቢድ ሕማም መንሽሮ እንተደኣ ሃልዩዎ ወይ ቀረባ ኣባል ስድራቤትካ ንናይ ምክልኻል ዓቕሙ ዘዳኽም ኣፋውስ ዝወስድ እንተደኣ ሃልዩ ኰይኑ፡ እሞ ኸኣ ሓኪም ክታበት ያንሰን ካብ ኣስጋእነቱ ጥቕምታቱ ይበዝሕ ኢሉ እንተደኣ ገምጊሙ።
- ብሰንኪ እቲ ንነዊሕ እዋን ዝጸንሐ ተነጽሎን ተጽዕኖ ስጉምትታትን እቲ ተሓካሚ ከቢድ ስነ-ልቦናዊ ሕማም ከም ዘለዎ ሓኪም ምስ ዝርእዮ፡ ንህይወት ኣብ ሓደጋ ከእቱ ይኽእል እዩ ወይ ደረጃ መነባብሮ ኣጸቢቑ ክጓድል ይኽእል እዩ ኢሉ ምስ ዝገምግሞ።

- ከም ተወሳኺ ጭቡጥ ዝኾነ ሕክምናውን ሞያዉን ገምጋም ብምክያድ እቲ ሓኪም ኣብ ኩነታት ህይወት ናይቲ ተሓካሚ ብምሙርኳስ ውህሉል ዝኾነ ገምጋም ኣካዪዱ ካብ ኣስጋእነቱ ጥቕምታቱ ይበዝሕ ኢሉ ምስ ዝግምግም። እዝታት ኣብ ኩነታት ህይወት ናይቲ ውልቀ-ሰብ ዝተመርኰሰ ይኾውን።

– እዚኦም መለክዒታት ብጣዕሚ ተረርቲ ስለዝኾኑ ገሊኦም ሰባት እንዳደለዩዎ ክነሶም ሓኪም ክኽልክሎም ከም ዝኽል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሀይየ የጋናዝብ።

## ሓካይም ነዚ ከታበት ክህቡ ኣይክግደዱን’ዮም

ሓደ ተሓካሚ ክታበት-ያንሰን ክወሃቦ ድዩ ኣይክወሃቦን ሓኪም እዩ ዝውስነሉ። ተሓካሚ ኣብቲ ውሳኔ ተሳትፎ ክህልዎ መሰሉ እኳ እንተኾነ እቲ ክታበት ግድን ክወሃበኒ ኣሎዎ ክብል ግን ኣይክእልን እዩ። ክታበትን መስርሕ ክትበትን ብነጻ እዩ። ሓካይም ምስ ተሓከምቲ ንዘካይዱዎም ዝርርባትን ክትበትን ርእሱ ዝኽኣለ ዋጋታት ተለኪዑሎም ኣለው።

– ሓካይም ክታበት ያንሰን ክህቡ ኣይግደዱን እዮም፡ ይኹን ደኣ እምበር መንግስቲ ነዚ ዝኸውን ፍታሕ ኣተኣታትዩ ብምህላዉ እቶም ዝደልዩ ቀወምቲ ሓካይም፡ ግላውያን ሓካይምን ክሊኒካት ክታበታት መገሻን ንተሓከምቶም እንተደኣ ደልዮም ክታበት ክጠልቡሎም ይኽእሉ እዮም። እቶም ክታበት ክወሃቦም ዝደልዩ ተሓከምቲ ክወሃቦም ዝኽእል እንተደኣ ኰይኑ፡ ኣብ ሕክምናዊ ኣፍልጦ ዝተሞርኮሰ ጭቡጥ ገምጋም ንምክያድ ዝምልከቶ ሓኪም ይኾውን።

እቶም ሳሕቲ ዝረኣዩ ግን ከኣ ከበድቲ ጐር-ሳዕቤናት ክታበት ያንሰን፡ ኩነታት ናይቲ ውልቀ-ሰብ፡ ኩነታት ለብዒ ኣብ ኖርወይን ክታበት ያንሰን ካበተን ኣብ ስሩዕ መደብ-ክትበትና ዘለዋ ካልኦት ክታበታት ኣድማዕነቱ ይትሕት እዩ ዝብል ግምትን ገምጋምን ክካየድ ከሎ ሚዛን ዝወሃቦም ረቛሒታት እዮም። ፍሉይ ሕጋጋት ሕጊ ማህሰይቲ ተሓከምቲ ነቶም ነዚ ክታበት እዚ ዝወስዱ ተሓከምቲ’ውን ዝምልከቶም እዩ።

## ወጻኢታት ብመንግስቲ’ዩ ዝሽፈን

ኣብ ገጻት ኢንተርነት ኣብያተ-ጽሕፈት ሓካይም ወይ ገጻት ኢንተርነት ንኡስ-ዞባታት እዚ ክታበት ዝህቡ እንተኮይኖም ክሕብሩ ንላበዎም፡ መታን እቶም ነዚ ክታበት ክወስዱ ዝደልዩ ሰባት ንመን ክውከሱ ከምዝኽእሉ ምፍላጡ ክቕለሎም።

ነዚ ክታበት ክህቡ ዝደልዩ ሓካይም ብመገዲ ስርዓት-ፍታሕ ኢንተርነት ትካል ህዝባዊ ጥዕና ክጠልቡዎ ይኽእሉ እዮም። ክታበትን መስርሕ ክትበትን ነቲ ውልቀ-ሰብ ብነጻ ዝወሃብ ኰይኑ ብምሉኦም እቶም ወጻኢታት ብመሰረት መንግስቲ ዝለከዖ ዋጋታት እዮም ዝሽፈኑ። ሓካይም ነዚ ክታበት ክህቡ ተወሳኺ ክኽፍሉ ኣይፍቀደሎምን እዩ።
ኣብ ኖርወይ ኩሎም ክታበታት ብነጻ እዮም ዝወሃቡ። በቲ ስሩዕ መደብ ክትበትና ኩሎም ልዕሊ 18 ዝዕድሚኦም ሰባት ክሳብ መጀመርታ ነሓሰ ዘሎ እዋን ቀዳማይ መርፍእ ክታበት ክውግኡ ዕድል ክረኽቡ እዮም። ኣብ ስሩዑ መደብ ክታበት ፋይዘርን ሞዳርናን እዮም ዝኽተሉ ዘለዉ። ስለዚ ካብ ስሩዕ መደብ ክታበትና ወጻኢ ክታበት ክትወስድ ገምጋም ክግበረልካ ከሎ ኣብ ንምሩጻት ጉጅለታት ዝተደረተ ፍታሕ እዩ ዝኸውን ዘሎ።

**ተወሳኺ ሓበሬታ:**

- Informasjon til befolkningen på Helsenorge.no/ሓበሬታ ንህዝቢ ኣብ Helsenorge.no
- Veiledning til helsepersonell på Helsedirektoratet sider/ምኽርን ማዕዳን ንሰራሕተኛታት ጥዕና ኣብ ገጻት ቤት ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕና
- For leger: Informasjon fra Folkehelseinstituttet om bestilling av Janssen-vaksiner/ንሓካይም: ክታበት-ያንሰን ንምጥላብ ዝምልከት ሓበሬታ ካብ ትካል ህዝባዊ ጥዕና